ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ
ደብረ ሰላም መድሓኔዓለም ቤተክርስትያን
ኣምስተልፈን- ኣምስተልላንድ
ሆላንድ።

St. Eritrean Orthodox Tewahdo
Medhanie Alem Kerk
Amstelveen-Amstelland Holland.

20 መጋቢት 2015 ግዕዝ
29 Maart 2023
ደ/ሰ/መ/ኣ/ኣ2015-384

በስመ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ኣሓዱ ኣምላክ ኣሜን።

ጉዳይ፥ ሓበሬታ ብዛዕባ ሰዓታት ኣገልግሎት ቤተክርስትያንና (መዘከርታ)፡

ናብ፡ ኩሎም ኣባላት ደብረሰላም መድሓኔዓለም ኣምስተልፈን-ኣምስተልላንድ፡
ኩሎም ምእመናንን ምእመናትን ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተክርስትያን፡

መንፈሳዊ ሰላምታና ብምቕዳም ሰላምን ጥዕናን፡ ኣብ ኩሉ ሥራሓትኩም ከኣ ኣሳልጦን ግስጋሰን ንምነየልኩም። ብምቕጻል ክብረበዓልና ጥንተስቅለቱ ንመድሓኔዓለም እነኽብረሉ ዕለትን ሰዓታትን፡ ከም'ቲ ቅድሚ ሕጂ ዝለኣኽናልኩም ጽሑፋዊ ሓበሬታ ኢዩ። ዝተቐየረ ነገር የለን።

ብርሃነ ትንሣኤኡ ብሰላም ከብጸሓና እንዳ ተመነና፡ ኣብ ነፍሲወከፍ ቀዳም ክሳብ ድሮ ሆሣዕና፡ ኣብ ቤተክርስትያንና ደብረሰላም መድሓኔዓለም ኣምስተልፈን-ኣምስተልላንድ፡ ኣገልግሎት ካብ ሰዓት 5:00 ንጉሆ ክጅምር ተሰሪዑ ዝጸንሐ'ውን ከምኡ'ዩ ዝቕጽል ዘሎ። ካብ ትንሣኤ ንደሓር ግን ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ቀዳም፡ በቲ ኣብ ናይ ኣገልግሎት ሰንጠረዥ ዘሎ ስሩዕ ሰዓታት ኣገልግሎትና መሠረርት ዝቕጽል ምዃኑ ከነገንዘበኩም ንደሊ።

1- ዓርቢ 31-03-2023 ካብ ሰዓት 16:00 ድ.ቀ. ክሳብ ቀዳም 01-04-2023 ሰዓት 12:00 ➔ ክብረበዓል ጥንተ-ስቕለቱ ናይ መ/ዓለም ኣብ ደ/ሰላም ነኽብር). ዝተለወጠ የለን።
2- ናይ ኣገልግሎት ሰዓት ኣብ ሆሣዕና፥
ሰንበት ዕለት 09/04/2023 ዓምፈ (1 ሚያዝያ 2015 ግዕዝ ይካየድ።
ቤተክርስትያን ካብ ሰዓት 13:00 ሓደ ክፉት ኢዩ። ስየ ይዕደል።

## መተሓሳሰቢ፥

1- ቅድሚ ሰዓት 13:00 ሰንበት ሰንበት ኣብ ቤተክርስትያን ምእታው ክልኩል ኢዩ።
2- ንዘይሰምዑ ክትሕብሩ ከኣ በዚ ኣጋጣሚ ምስ ኣኽብሮት ከነገንዘበኩምን ክንላበወኩምን ንፈቱ።

ምስ መንፈሳዊ ሰላምታ

እግዚኣብሔር ኣምላኽና ሃገርና ኤርትራን ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቅድስተ ቤተክርስትያንናን ይባርኽልናን ይዓቅበልናን።

*ሰበኻ ጉባኤ ደ/ሰላም መ/ዓለም፡* ***Het Kerkelijk bestuur van Debreselam Medhanie Alem*** Email: debreselammedhaniealem@gmail.com; Website: www.debreselam-medhaniealem.com
**Amstelveenseweg-965, 1081JG Amsterdam Nederland**